UW Medicine
TELEHEALTH





# ብቴሌፎን ኣብ ዝግበር ሕክምና ንፈለማ ቆፃራ ምድላው

- ⇨ ናይ ቴሌፎን ሕክምና ቆፃራኻ  ዝካየድ ብቪዲዮ ርክብ ኣቢሉ' ዩ፡፡
- ⇨ ኮምፒውተር& ታብሌት ወይከዓ ዘመናዊ ቴሌፎን(ስማርት ፎን) ክህልወካ ኣሎ፡፡ ምእንታን ዶክተርካ ክርእየካ ካብ ዚኦም እቲ ንዓኻ ዝጥዕመካ ትመርፆ ንገፅኻ ዘርኢይ ካሜራ ክህልዎ ኣለዎ ፡፡
- ⇨ ቆፃራኻ ንምክያድ/ንምርኻብ  ዙም ዝባሃል ፕሮግራም ክትጥቀም ኢኻ፡፡

<u>ዙም እንታይ እዩ? </u>ዙም ማለት  መረዳእታ ጥዕና (ምስጥራዊነት -HIPAA) ዝሕልው ናይ ቪዲዮ ኮንፈረንስ እንትኸውን  ምስ ወሃባይ ኽንካነ ሕክምና ዩኒቨርስቲ ዋሽንግተን ብቪዲዮ ዘራኽብ ቀጥዒ /ሲስተም'ዩ፡፡

- ⇨ ቅድሚ ቆፃራ ሕክምና ቴሌፎን ምክያድካ ን ዙም ንምስራዕ  እትገብሮም  ደረጃታት ኣለው፡፡ ስዒቦም ንዘለው ደረጃታት ፈፅም፡፡
- ⇨ ቆፃራኻ /ርክብካ /ምስ ጀመረ ምናልባት እቲ ርክብ እንተተቛሪፁ ቕያር ቴሌፎን ክንሐተካ ኢና ፡፡

**ንምዕራይ/ምስራዕ ፀገም እንተጓኒፉካ ወይ ከዓ ሓገዝ እንተድልዩካ ንሰራሕተኛ ኣገልግሎት ብ 206-520-8963 ደውል፡፡**

---

## ቅድሚ ቀዳመይ ቆፃራኻ

| | |
|---|---|
| ደረጃ 1 | ታብሌት ወይ ከዓ  ስማርት ፎን ትጥቀም ተኾንካ ን ዙም ኣፕልኬሽን ካብ ኣፕል ስቶር ወይ ከዓ ካብ ጎግል ፕሌይ ኣውሪድካ  ፀዓን፡፡ |
| ደረጃ 2 | ቆፃራኻ ንምክያድ ዝሕግዝ ሓበሬታ ርክብ ብፅሑፍ ወይከዓ ብ ኢ-ኬር ኣቢሉ ክስደደልካ እዩ፡፡ ሰዓት ቆፃራኻ ምስ ኣኸለ ናብ ዙም ዌብ ሳይት ንምእታው እዚ ግንኑነት/መራኸቢ ተኸተል፡፡<br>ቅድሚ ሕጅ ን ዙም ተጠቒምካ ዘይትፈልጥ እንተኾንካ ንባዓልካ ቁሩብ ተወሳኺ ግዘ ውሰድ፡፡ |
| ደረጃ 3 | ኣብ ኮምፒውተር ፡- ንኽትጅምር እንተነጊሩካ ዙም ንክሰርሕ ምረፆ፡፡<br>ኣብ ስማርት ፎን(ዘበናዊ ስልኪ) ፡- ንኽትጅምር እንተነጊሩካ ነቲ መራኸቢ ንኽምኽፋት ን ዙም  ኣፕ  ምረፅ፡፡<br><br>ምልክታ፡- ዙም ዝሰርሕ ብናፃ እዩ፡፡ ናይ ባዓልካ ኣካውንት (መለለይ ተገልገልቲ) ንኽትፈጥር ኣየድልየካን፡፡ |
| ደረጃ 4 | ሽምካ ንኽተእትዎ ትሕተት ኢኻ፡፡ በጃኻ እትመርፆ ሽምን ሽም ኣቦ ሕጎኻን ኣእትው፡፡ |

ደረጃ 5

ንድምፅኻ ብኸመይ ገይርካ ንምግንናይ ከምትደሊ ትሕተት ኢኻ፡፡

**ታብሌት ወይ ከዓ ዘመናዊ ቴሌፎን (ስማርት ፎን)፡**

እዚ ንኽትጥቀም ንመከር:

*Internet Audio (iPhone)*




*Device Audio (Android)*




*Dial In (ደውል) ዝብል እንድሕር ትመርፅ ኮይንካ ዝርዝር ቑፅርታት ክራኣዩ'ዮም፡፡ ካብዚኦም ንሓዲኡ ምድዋል ትኽእል ኢኻ፡፡*




- *መለለይ ቑፅሪ ኣኼባ ፤ብድሕሪኡ ካዓ እዚ ምልክት # ንኽተእትው ትሕተት ኢኻ፡፡*
- *መለለይ መንነት ተሳታፋይ (ቑፂሉ ካዓ #) ተእትው ትኽእል ኢኻ ፤ወይ ከዓ ንምቕፃል ነዚ ምልክት # ፅቐጥ፡፡*

**ኮምፒውተር**

ናይ ኮምፒውተር ድምፂ ንመከር፡፡




*ኮምፒውተርካ ማይክሮፎን ወይ ከዓ ስፒከር እንድሕር ዘይብሉ ቴሌፎንካ ንድምፂ ኣቓቕማ ተውዕሎ ትኽእል ኢኻ፡፡*

- *ደውል "Phone Call" ዝብል ምረፅ፡፡ዝርዝር ቑፅርታት ክራኣዩ'ዮም፡፡ ንሓዲኦም ደውለሎም፡፡*




- *መለለይ ቑፅሪ ኣኼባ ፤ብድሕሪኡ ካዓ እዚ ምልክት # ንኽተእትው ትሕተት ኢኻ፡፡*
- *መለለይ መንነት ተሳታፋይ (ቑፂሉ ካዓ #) ተእትው ትኽእል ኢኻ ፤ወይ ከዓ ንምቕፃል ነዚ ምልክት # ፅቐጥ፡፡*

| | |
|---|---|
| ደረጃ 6 | ***ምርግጋፅ ኣጠቓቕማ ኣገልግሎት***<br><br>• *ስፒከርካን ማይክሮፎንካን ዘይተዓፀው ምኳኖም ኣረጋግፅ፡፡*<br>• *እቲ ቪዲዮ ምምሕልላፍ ምጅማሩ ኣረጋግፅ፡፡ ኣፍቲ መምረፂ "ቪዲዮ ጀምር"* (Start Video) ንዝብል ትጥውቕ ትኽእል፡፡<br><br>*ክፋል ታሕተዋይ ስክሪን ኮምፒተርካ (ቱል ባር) ነዚ ክመስል ኣለዎ፡፡*<br>***ኮምፒውተር***<br>*(ነዚ ንኽትርኢይ ኣብ ዙም ምርኢት /መስኮት ናይ ቲ ኮምፒውተር ማውዝ(መምረፂ) ንኽተንሳፍፎ(ንኽተንቀሳቕሶ) ይግባኣካ)*<br><br><br>**ታብሌት ወይከዓ ዘመናዊ ቴሌፎን(ስማርት ፎን)**<br><br> |
| ወዲእኻ! | *ክይዲ (ርክብ) ቆጻራኻ ንምጅማር ሕጅ ተዳሊኻ ኣለኻ ::*<br><br>***ምልክታታት***<br><br>*ኣቕረብትኻ ኣብ ምርኣይ ስእልኻ ወይ ከዓ ኣብ ምስማዕ ፀገም እንተጓኒፍዎም ኣብ መጀመሪያ ብዝሃብካዮም ቑፅሪ ኣቢሎም ክድዉሉልኻ ይኽእሉ'ዮም፡፡*<br><br>*ኣብ ቐፃሊ ኣብ ዝህልወካ ቆፃራ ርሕቐት ሕክምና (ቴሌ ሄልዝ) ተመሳሳሊ ኣቕሓ እንድሕር ትጥቀም ኮይንካ ተዳሊኻ  ኣለኻ (ምስራፅ) ኣየድለየካን) ፡፡ ሓደ ግዘ መስርዕ (ምዕራይ) ዘድልየካ ሓዱሽ ኣቕሓ ክትጥቀም ከለኻ እዩ፡፡*<br><br>. |

**እንተተፀጊምካ ወይከዓ ሓገዝ እንተድልዩካ ን ኣገልግሎት ቢሮና ብ 206-520-8963 ደውል፡፡**